# ታሪኻዊ ውዕሎ 22 ለካቲት...2010

ቅድሚ ክልተ ዓመት ኣብ'ዚ ቕንያት እዚ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ኣብ ሓደ መዓልቲ፡ ካብ ከተማታት ሲድኒን መልበርንን (ኣወስትራልያ) ዝተበገሰ፡ ግሎብ ተቐኒቱ፡ ኣብ ጀነቭ ማዓበሉ ዝገንፈለ፡ ሲዒቡ ኣብ ዋሽንግቶን ሓይሉ ዝተዓጻጸፈ ታሪኻዊ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ኣብ መወዳእታኡ፡ ከተማ ሳን-ፍራነሲስኮ፡ ኣባይ ዘባህረረ ዕዉት ፍጻመ፡ ዓለምና ኣመዝጊባ። ብጠቕላላ ልዕሊ 45 ሽሕ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ፡ ብዓይነቱን ትሕዝትኡን ኣወዳድብኡን፡ ኣብ ታሪኽ ምንቅስቓስ ኤርትራዊያን ናይ ወጻኢ፡ እቲ ዝተፈልየን ዝዓበየን ኮይኑ ድማ ዝለዓለ ስፍራ ሒዙ እርከብ።



## መበገሲ ስፍራ ሰላማዊ ሰልፊ ናይ ከተማ ዋሽንገቶን ዲሲ፡

ኩሉ እቲ ኣብ'ታ ዕለት እቲ'ኣ ዝውዓለ ተቓላሳይ ከም ዝዝክሮ፡ እቲ ነቲ ግብረ-መልሲ'ቲ፡ ነቲ ነድሪ'ቲ ዝፈጠረ ድፊኢት፡ እቲ ብነድኢ ምምሕድዳር ዋሽንግቶን ዝተኣልመ፡ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ፡ ብዘይ ሓደ ጭብጥን መርትዖን፡ ዝሓለፈ ውሳነ 1907/2009፡ ዘሕደረሉ ቁጥዐ፡ ንምቅዋምን ንምቅላዕን፡ ብቕልጡፍ ንክስረዝ፡ መእረምታ ክግበረሉ፡ ብኣንጻሩ እቲ ብኣህጉራዊ ኮሚሽን ዝሓለፈ ብይን ዶብ

ነጺጉ፡ ኣብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ሰፊሩ ዘሎ ጃንዳ፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ክለቅቕ፡ ከገድዱን፡ ክቐጽዑን ፡ ንፍትሒ ዝጽውዕ ሰልፊ'ዩ ኔሩ።

ደቂ ሓደ ልቢ፡ ነቲ ሽዑ ዝነበረ ከቢድ ኩነታት ኣየር፡ ዛሕልን ቀዝሕን፡ ብሃልሃልታ ሃገራዊ ፍቕሪ ማሚቖም፤ ሰራሕተኛ ስርሖ ራሕሪሖ፡ ተማሃራይ ካብ ትምህርቱ በኺሩ፡ ወነንቲ ትካላት ዋኒኖም ዓጽዮም፡ ካብ ዓራት ዝተንስኡ ሕሙማን ከይተረፉ ኣብ'ቲ ታሪኻዊ ውዕሎ፡ ሰንደቕ ዓላማ እናውለብለቡ፡ ጭርሖታት ብዓውታ እናንጎድጎዱ፡ መልእኽቲ ዘመሓላልፍሉ ኣህጉራዊ ኣብያተ ጽሕፈታት ሰብ መዝን፡ ነቲ ዝሓልፍዎ ዝነበሩ ጎደናታትን ንሰዓታት ናይ ትራፊክ ዕልቕልቕ ዘኸተለ ትእምርታዊ እዩ ኔሩ።




## መዳርግቲ ዘይርከቦ ተወፋይነት !


ሃቐነ ተጻባእትና ነቲ ሽዑ ዝብልዎ ዝነበሩ፡ ዘንዕቕ ዘረባታት፡ ማለት “እቲ እገዳ ብፍላይ ኣብ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ዝቐንዐ እዩ” ዝብል ጥቕሉል ሓሶት ንሓቐኛ ባህሪኦም ክኸውሉ ሃቂኖም እዮም፡፡ ዲሒሩ ግን ከምኡ ከምዘይነበረ እቲ ኣብ ሓምሊ 2011 ዝሓለፈ ውሳነ 2023፡ ጸኒሖም ተወሳኺ ሓሶታት ገፋፊጦም፡ብምሉእ ሓይሎም ደፊኦም ከም ዝሓልፍ ከም ዝገበሩ ሪኢና፡፡ እቲ ሓቐኛ ዒላማኦም ተነጺሩ፡ ምስልዩነቶም ድማ ዕርቃኑ ወጺኡ። ካብ መጀመርትኡ፡ ብትኽክል ኣብ ህዝብና ዝቐንዐ፡ ከም ዝነበረ ብጋህዲ ተቓሊዑ። ንሕና ግን ብሽጣራታቶም ተገሪህና ስለ ዘይነፈልጥ፡ ልዕሊ እቲ ንሳቶም ዝሓሰብዎ፡ ኣቐዲምና ከም እንሓስብ ዘይምሕሳቦም ድማ ጌጋ ኣብ ልዕሊ ጌጋ ካብ ምፍጻም ኣየብኮሩን።
እቲ ናይ ሓፋሽ ታሪኻዊ ውዕሎ ድማ፡ ነቲ ዝሓለምዎ ሕልሚ፡ ለካቲት 22/2010፡ እንዳረኣዩ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም እናዓለለ፡ ነቲ ዓማጺ ውሳነ ብ1907 ዝፍለጥ፡ ሓመድ-ድበ ኣልቢስዎ።

እቶም ምፍልላይና ሃንቀው ዝበሉ፡ ድመጺ ዕግርግርን ናዕብን ኤርትራውያን ዘምባሃቑ ዓቢዶም፡፡ ዝምድና ህዝብን መንግስትን ከም ዓረ ተሪሩ፡፡ ኩሎም ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ውሽጣውያን ዕሩባት ሕልና ደሚርካ ፈሽ-ፈሽ ኣትይዎም።



## ኣንፈት ሰልፊ ናብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ፡

እቲ ተቓውሞ ብቐጻሊ፡ ብሓያል መንፈስን ውዳበን፡ ንክልተ ዓመት መመላእታ ብዘይ ዕረፍቲ እናሓየለ እኸይድ ኣሎ። ኩሉ'ዚ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ዝኸይድ ዘሎ ምንቅስቓስ ህዝባዊ መኸተ ድማ፡ መቐጸልታ ናይ'ታ ታሪኻዊት ዕለት እቲኣ እዩ።






ተሰከምቲ ሕድሪ ! ኣብ ታሪኻዊ ውዕሎ !

ዓወትና ኣብ መወዳእታ ድሕሪ ሓያልን ቀጻልን መኸተ ናይ ግድን ምኳኑ፣ መዛግብ ሕሉፍ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣና ዘረጋግጾ ሓቂ እዩ። ትማሊ ከምኡ ኢልና ናጽነት ኣግሂድና፣ ሃገር ካብ ወራር ኣድሒና፣ ኣይከኣልን እናተባህለ፣ ደርማስ ቁጠባ መሰረት ክንሃንጽ በቒዕና፣ ከም ንገብር ኣመስኪርና፣ ጽባሕ ከኣ ከምኡ ድሕሪ ሓጺር ናይ ምርብራብ፣ ነዚ ዘሎ ተጻብኦታት ነበረ'ዩ-ነበረ ክኸውን ግዜኡ ርሑቕ ኣይኮነን።
በዚ ኣጋጣሚ ነቶም ሕቡናት ሰብ ታሪኻዊ ውዕሎ 22 ለካቲት፣ ነታ ዕለት፣ ኣብ ዘዘለውዎ ብሓበን ክዝክርዋ፤ እቶም ነዚ ዓርሞሸሻዊ ሰልፊ ዝወደቡን ዝመርሑን መንእሰያት ድማ፣ ነቲ እናተርንዐ ዝኸይድ ዘሎ ሓያል ናይ ምግባር መንፈሶምን ክእለቶምን፣ ካልእ ዝሓየለ ሰልፊ ክውድቡ እምንቶና ኣብ ቦትኡ ኣሎ።
እቲ ንዓለማዊ ጸጥታን ሰላምን ምርግጋእን ንኸረጋግጽ ሓላፍነት እተሰከመ፣ ቤት ምኽሪ ጸጥታ፣ ብኣንጻር እቲ እተሰከሞ ሓላፍነት መረረ ኣህዛብ ክሰምዕ ኣይጸንሐን፣ ይኹን እምበር ክሳብ ኣእዛኑ ዝኸፈታ፤ ኣዒንቱ ዝርእያ፣ ፍትሕን ርትዕን ክሳብ ዝረጋገጽ ኣብ መኸተና ከም እንጸንዕ፤ ካላኣይቲ ታሪኻዊት ለካቲት ከም እትድገም ከነበስሮም ንፈቱ።

ዓወት ንሓፋሽ!
መኸተና ክዕወት'ዩ!!
ህዝባዊ ርክባት ሓይሊ ዕማም ህዝባዊ መኸተ፣
ዋሽንግቶን ዲስን ከባቢኣን፣